# ጽንብል 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ኣብ ሽቱትጋርት

ቀዳም 6 መጋቢት ብውዕውዑን ዱሙቕን መንፍስ ኣስታት 550 ዝኾኑ ኤሪትራውያን ዝተሳተፍዎ ብሃማደኤ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን ዝተዳለወ ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ ሸሞንተ መጋቢት  ተጸንቢሉ።

መደብ ብሃገራዊ መዝሙር ድሕሪ ምኽፋት ጸሓፊት ሃማደኤ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን፡ ወ/ሮ ኢትዮጲያ ሓጉስ፡ ቃል ሃማደኤ ኣስሚዓ። ኣብ መግለጺኣ፣ መሪር ገድሊ ተጋዲሉ፡ እንብዛ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ብእልሞ ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ኣብ ማዕሙቑ ዝተደብየ መሰል ናጽነቱ ብቕልጽሙ ፈንቂሉ ብምውጻእ፡ ኣኽሊል ሓርነቱ ዝደፍአ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሎሚ እውን ምስ ሕሉፍ ታሪኹ ዝመሳሳል፡ ካልእ ውዲታት ዋሽንግቶንን ከደምታን ገጢምዎ ኣሎ፡ ድሕሪ ምባል፡ ቀጺላ፡ እታ ሰብኣዊ መሰላን ሃገረዊ ክብርታታን ንምርግጋጽ ትማሊ ኣብ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት ምክልኻል ልኡላውነት ሃገርን ህይወታን ብሉጻት ደቃን ዝበጀወት ኤሪትራዊት ዋዕሮ፡ ሎሚ እውን ዲግዲግታ እኽሪራ ነዚ ዘይፍትሓዊ ብይን ንምምካት ሃገራዊ ፍናን ዘበረኸ ኣብነታዊ ተርኣ ክትጻወት ድልውነታ ተረጋግጽ፡ ኤርትረዊት ጓልነስተይቲ ትማሊ ብጽንዓታን ጽንዓት ህዝባን ዝተሰግረ እልቢ ዘይብሉ ብድሆታት ብምዝካር ቃልስና ይቕጽል ይዕወት እውን ናይ ግድን እናበለት ረዚን ሕድሪ ሳማእታት ኣብ ምዕራፍ ንምብጻሕ ደጊማ ቃል ትሕድስ፡ ድሐሪ ምባል፡ መድረኽ ንወኪል ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ፡ ኣቶ ዮሃንስ ደባስ ካብ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ፍረንክፎርት፡ ቃል ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ኣብ ጀርመን ንኽስምዕ ኣመሓላለፈት። ኣቶ ዮሃንስ፡ 8 መጋቢት ቃልሲ ደቀንስትዮ ኤርትራ ዝግምገመሉን ናይ መጻኢ መደባት ንምሕያል ዝጉስጐሰሉ መዓልቲ ስለ ዝኾነ፡ ተኸይዱ ዘሎ ጉዕዞ ነዊሕ፡ ተሓፊሱ ዘሎ ዓወት ብዙሕ ይኹን እምበር ተሪፉ ዘሎ እውን ሓጺርን ቀሊልን ጉዕዞ ከምዘይኮነ ከይረሳዕና፡ ኩሉ ኣንጻር ማዕርነት ደቀንስትዮ ይኹን፡ ብሓፈሻ ከኣ ኣንጻር ሃገርና ዝካየድ ሽርሕታትን ዕንቅፋትን ስዒርና ኣብ እንደልዩ ሽቶ ከም ንበጽሕ ዘጠራጥር ኣይኮነን ኢሉ መልእኽቱ ድሕሪ ምድምዳም፤ ስዒቡ ኣቶ ተስፋይ ተወልደ ንኮጅለ ህግደፍ ሽቱትትጋርት፡ ኣቶ ዘርኣጼን ተስፋጼን ንማሕበረኮምን ኣቶ ሑሴን ከሊፍ ኢድሪስ (ሳሓበይ) ከኣ ንማሕበር ስንኩላን ብምውካል ቃላቶም ኣስሚዕም። ኣብ መጨረሽታ መንእሰይ ዮዲት ኣስመላሽ ነቲ መዓልቲ ዘንጸባርቕ

ግጥሚ ብምቕራብ፡ ንሳ ኣብ ደቀንስትዮ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኣዴታት ዘለዋ ኣድንቖት ድሕሪ ምግላጽ፡ ንሰለስቲኤን ሽማግል ሃማደኤ ዐዕታር ዕምባባ ኣበርኪታትለን።

እዚ መንእሰያትና ዋሕስ መጻኢና ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ 8 መጋቢትን መበል 30 ዓመት ምቛም ሃመደኤን ኣጋጣሚ ብምግባር ዝተጸንበለ ጽንበል፡ ብ፥

- ፍልጠት ዝዕጥቓ ርእሰ ምትእምማን ዝሕላገታ ጓለንስትይቲ ምህናጽ!
- ምዕሩይ ስታፌ ደቀንስትዮ ዋሕስ መኸተ ንልዑላውነትን ህንጸትን ሃገር!
- ጥሙር ራእይ፡ ድርብ ሓይሊ ንርጉጽ ዓወት!
- ንኤርትራ ምንብርካኽ ትማሊ ከቢድ እንተኼሩ ሎሚ ከንቱ'ዩ!
- እዚ ካብ ድቕድቕ ጸልማት ዝወጸ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ክምብርከኽ ዘይሕሰብ እዩ!
- ትውፊት... ክሳብ ዝበረኸ ሓርነት!

ዝብሉን ካልኦትን ጭሩሖታትን ኣብ ዝወቀበ ኣዳራሽ ኢዩ ተኻይዱ።

በዓል ብጐጅለ ባህሊ መርሓበ ኣዴታትን ሽኮሪና ባንድን ደሚቁ ውዒሉ።

ዓወት ንሓፋሽ!!

ጥሙር ሃገራዊ መኸተ ሕላገት ኤርትራዊት መንነት!

ጥምረትና ዋሕስ ዓወትና!

ድርብ ቃልሲ ንምስዋድ ሃገራዊ መኸተ!

ዕድመ ን8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ!

ሃማደኤ ሽቱትጋርትን ከባቢኣን!

ስእላዊ መግለጺ